# ዘመነ ትንሣኤ

ካብ ቀዳም ድሮ ፋሲካ ጀሚርካ ክሳብ ሰንበት ጰራቅሊጦስ ዘሎ 50 መዓልቲ "ዘመነ ትንሣኤ" ተባሂሉ ይጽዋዕ። ከምዚ ካብ ናይ ሰሜናዊ ክፍለ ዓለም ቈራርን ጸልማት ዝነውሓን "ዊንተር" ናብ ምውቕን ብሩህን "ስፕሪንግ" ክንሳገር እንከሎና ገረብ ኪጥጥዕን ብዕምባባ ኪሽፈንን ዚጅምር፡ ከምኡ ቤተክርስትያን ካብ ጾመ 40ን ሕማማትን ናብ ፋሲካ ክትሳገር እንከላ ሓዲስ ሕይወት ዝለበሰት መሲላ፡ ሓጐስን ዕልልታን ይስማዓ። ኣብ ወንጌል እውን እንተስተብሃልናሉ፡ ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ብዓርቢ ዓራርቦ፡ ማለት ኣብ መወዳእታ መዓልቲ ሰሙን ጸልማት (ምልክት ናይ ሓጢኣትን ፍርሕን ጽምዋን) ንመሬት ኪሸፍና እንከሎ ከምዝተቐብረ፡ ብጽባሕ ሰንበት (ቀዳማይ መዓልቲ ሰሙንን ጸሓይ ኪበርቕ እንከሎ) ድማ ካብ ሞት ከምዝተንሥአ ገይሩ የቕርቦ። ትርጉሙ ድማ ትንሣኤ ክርስቶስ ካብ ሳዕቤን ሓጢኣት ዝኾነ ጸልማትን ፍርሕን ዕርበትን ናብ ሓዲስ ሕይወት ዚህብ ተስፋ ከምዜበራብረና ኢዩ።

በዚ ጊዜ ኣብ ዚዝመሩ መዛሙር ቅ.ያሬድ ኣውራ ዚስምዑ ቃላት ተንሥአ (ካብኡ ዚወጸ ቃላት ከም ትንሣኤ፡ ኣንሥአ ...)፡

ሞዐ ለሞት (ንሞት ሰዓረ)፡

በዓቢይ ኃይል ወሥልጣን (ብዓቢይ ኃይልን ሥልጣንን)፡

ኣግዐዘ (ነጻ ኣውጽአ)፡

ፋሲካ፡ (ምስጋር ባሕሪ ኤሪትራ ዚዝክር በዓል እስራኤላውያን)

ወረደ ሲኦል (ብናይ ኣይሁድ እምነት ሽኦል = ምውታን ዚነብሩሉ መንግሥተ ጸልማት ኢዩ ነይሩ)

ዘኢመውት ሞተ (ዘይመውት ሞተ)፡



ፍሥሓ፡ ሓሴት፡ በዓል፡ ወሰላም ዚብሉ ኢዮም። እቲ ዝተሓላለፍ መልእኽቲ ድማ፡ ኣብ ምስላም መስቀል ካህንን ሕዝብን ዚቀባበልዎ ቃላት ተጠርኒፉ ንረኽቦ፡

- ክርስቶስ ትንሣኤ ሙታን
- በዓቢይ ኃይል ወሥልጣን
- አሠሮ ለሠይጣን
- ኣግዐዞ ለኣዳም
- ሰላም
- ይእዜሰ ይኩን
- ፍሥሓ ወሰላም።

ከምኡ እውን በዚ ጊዜ እዚ ኣብ ዚቅደስ አኰቴተ ቍርባን "እምቅድመ ዐለም"፡

"ሞተ ዘኢይመውት፡ ሞተ ከመ ይሥዓሮ ለሞት፡ ሞተ ከመ ያንሥኦሙ እሙታን በከመ ኣሰፈዎሙ ለአበው በቃለ ኪዳን።"

**እቲ ዘይመውት ሞተ፡ ንሞት ምእንቲ ኪሥዕር ሞተ፡ ነቦታትና ብናይ ኪዳኑ ቃል ከምዜተስፈዎም፡ ንምውታን ምእንቲ ኬተንሥኦም ሞተ።**

እቲ መልእኽቲ ድማ፡

1. ክርስቶስ ብትንሣኤኡ ኣብ ልዕሊ ሞት፡ ሠይጣን (ስለዚ ኣብ ልዕሊ ፍርሒ፡ ጥርጥር፡ ኃይሊ ጸላእን ጸላምን ሓጢኣትን ካብ ኵሉ ድማ ሰይጣን) ኃይሉ ከምዝገለጸ። ስለዚ ክርስቶስ ብትንሣኤኡ ኣምላኽነቱ ገሊጹልና ማለት ኢዩ።

2. ብምኽንያት ዓወት ትንሣኤኡ ክርስቶስ መሊሱ ክብርን ዕቤትን ከምዝወሰኸ የረድኣና። እግዚኣብሔር ዓለም ብምፍጣሩ ካብ ሕይወቱ ኣካፊሉና። ትንሣኤ ክርስቶስ ተመሊሱ ነቲ ናይ መጀመርታ ሓሳብ ኣምላኽ ምዕራይ ጥራይ ዘይኮነስ ካብቲ ናይ ቀደም ዝበለጸ ክብርን ዕላማን ሃቦ (ንኣብነት፡ ቅድም ሰብ ፍጥረት ኣምላኽ ጥራይ እንተነበረ፡ ዳሓር ብትንሣኤ ክርስቶስ ውላድ ኣምላኽ ኮነ)። ስለዚ ሳላ ትንሣኤ ዝተረኽበ ድኅነት ወድሰብን ፍጥረት ዓለምን ካብ ፍጥረት ዝዓበየ ተግባር ኣምላኽ ኪበሃል ይከኣል።

3. ሳላ ትንሣኤ ሰብ ኣብ ዓወት ክርስቶስ ኪካፈል ዕድል ረኸበ (ኣግዓዞ ለኣዳም = ንኣዳም ናጽነት ኣልበሶ፡ ማለት ካብ ባርነት ሓጢኣት ናብ ሓርነት ደቂ ኣምላኽ ኣሳገሮ። ፋሲካ ማለት ድማ ምስጋር ማለት ኢዩ፡ ናይ እስራኤላውያን ካብ ባርነት ግብጺ፡ ንባሕሪ ኤርትራ ተሣጊሮም ዝረኸብዎ ናጽነት ዜመልክት እናዘከርዎ ዚብዕልዎ ዝነበሩ ዓመታዊ በዓል ኢዩ ነይሩ)። ስለዚ ትንሣኤ ክርስቶስ ንወዲ ሰብ ዓወት ኣብ ልዕሊ ሰይጣንን ሓጢኣትን ሳዕቤን ሓጢኣት ዝኾነ ሞትን፡ ፍርሕን፡ ስእነትን ወዘተ. ኣምጺኡሉ።

4. ሳላ ትንሣኤ ዕርቂ ኣብ ሞንጎ ኣምላኽን ወዲ ሰብን ስለዝኣወጀ፡ ክርስትያን ብመንፈሳዊ ሓጐሱን ፍሥሓኡን ኪልለ ይግብኦ። ናብ ኣምላኽ ኪቀርብ እንከሎ፡ ኣብ ዓወት ክርስቶስ ተመርኲሱ ይቐርብ። እቲ ዝዓበየ ተግባር ኣምልኾ፡ ማለት ቅዳሴ፡ ተዝካር ናይ ሕማማትን፡ ሞትን ትንሣኤን ክርስቶስ ኢዩ። ቅዳሴ ክንቅድስ እንከሎና፡ "ንዜኑ ሞተከ ኦእግዚኦ፡ ወትንሣኤከ ቅድስተ፡ ነአምን ዕርገተከ ወዳግመ ምጽአተከ፡ ንሴብሓከ፡ ወንትአምነከ፡ ንስእለከ ወናስተበቍዓከ፡ ኦእግዚኢነ ወኣምላክነ" ንብል። እዚ ማለት ድማ ቀንዲ ትሕዝቶ እምነትናን ምስክርነትናን፡ ተኣማምነትናን፡ ልመናናን፡ መንፈሳውነትናን፡ ኣብ ትንሣኤ ክርስቶስን ምስ ትንሣኤ ዝተታሓሓዘ ሕማማትን ሞትን ዕርገትን ዳግማይ ምጽኣትን ዝተመርኰሰ ኢዩ።

5. ክርስቶስ ብቀዳማይ መዓልቲ ሰሙን (ሰንበት) ስለዝተንሥአ፡ ኣብ ዘመነ ሓዲስ ኪዳን ድሮ ካብ ጊዜ ሓዋርያት ሰንበት ንቀዳም ከም መዓልቲ ኣምልኾ ተኪኡዎ፣ ምሉእ ዓመት ኣብ ቤተክርስትያንን ኣብ መንፈሳዊ ሕይወት ክርስትያንን ሰንበት ተዝካር ትንሣኤ ይውዕል። ከምኡ እውን መዓልቲ- መዓልቲ ንግሆ ጸሓይ ኪበርቕ ትንሣኤ ክርስቶስ የዘኻኽር። ስለዚስ ክርስትያን "ናይ ትንሣኤ ሰብ ኢዩ"፡ ማለት ኣብ ዓወት ክርስቶስ ኣብ ልዕሊ ሓጢኣትን ክፍኣትን ሰይጣንን ዚኣምን እሞ፡ ተሳታፊ ዓወት ክርስቶስ ብምዃኑ ኣብ ሕይወቱ በዓል ምሉእ ተስፋ ኰይኑ ይነብር።

6. በዚ ምኽንያት በዓል ትንሣኤ ንቀጻሊ 50 መዓልቲ ኪኽይድ እንከሎ እቲ ዝነውሐ ዘመን ዓወትን ሓጐስን ኢዩ። ኣብዚ ጊዘ እዚ ን50 መዓልቲ ዓርበ ሮቡዕ ከይተረፈ ሥጋን ጥሉላትን ምብላዕ ይፍቀድ፡ ቃል ኪዳንን መርዓን ጸወታን ኪግበር ይፍቀድ።